# *ጽንዓትካ እንድዩ ሓያላት ዘርዓደ!*

ደርፊ ወዲ ትካቦ እንክትሰምዕ ተዘክሮታትካ መመሊሱ ይሕደሰካ። ሰውራ ኤርትራ ክዕወት ዝኻኣለ ሳላ ኣብ ውሽጥን ደገን ብጠቐላልኡ ዝበዝሕ ህ ዝቢ ኤርትራ ጻኒዑ ስለ ዘጽነዐን እዩ ኣብ 91 ነጻነት ኤርትራ ክውን ክ ኽውን ዝኸኣለ። ዓለም እውን ነቲ ጽንዓቱን ፍረ ጽንዓቱን ስለዝረኣየት እያ ድማ ሰጊድ ሰላም ዝበለት። እወ ብሓቂ

ጽንዓትካ እንድዩ ሓያላት ዘርዓደ!
ጽንዓትካ እንድዩ ሓያላት ዘምበርከኸ!

ጳግማይ ወራር'ውን ተፈቲኑ ብሳላ ጽንዓትና ፈሺሉ። ግን'ከ ሕጂ'ውን ወራሮም ካብ ሕልሞም ኣይዓረፉን ዘሎ። ነዚ ከም ሓጺን ዓረ ዝተርር ጽንዓትና ንምፍንቃል ገና ከም ኣመሎም ወይጦታት ኣዋፊሮም ዘይፈተንዎ ፈተና የለን። እወ! ነቲ ዓሳ ንምቕታል ባሕሪ ኣንጽፎ ዝብል መኻቶኦም ንኤርትራ ነበርትያ ነበረት ንምግባር፣ ንህ.ግ ካብ ታሪኽ ንምብሕጋግ፣ ህዝቢ ምስ መንግስቱ ኮይኑ ንሃገሩ ከይከላኸልን ከይሃንጽን፣ ውዲት ብምእ ላምን ምፍርራሕ፣ ኤምባስን ንህዝቢ ዘገልግሉ ትካላት ምዕጻው እዚ እዩ ዕ ላማ ጃንዳ ፍሬዜርን ጃንዳ ወያነን። እወ ጽንዓት ህዝቢ ስለዘባህረሮም፣ ጽ ንዓት ህዝቢ ስለዝመረሮም እንታይ ድኣ ክገብሩ።
መንገዲ ምስ ወዲ ዓዲ ከምዝብሃል ከምቲ ሕጂ ብቃላቶም ዝገልጽዎ ዘለ ዉ እቲ ኩሉ ናይ ተጻብኦ ተግባራት ናይ መንግስቲ ኣሜሪካ፣ ብሓበሬታ ናይዞም ወይጦታት ተቃወምቲ ኢና ባሃልቲውድባትን ባዓል ዓወተ ዶት ኮ ምን ካልኦትን እዩ ዝምራሕ ዘሎ። ህዝቢ ድማ ነዚ ፈሊጡ እቲ ኣብ ልዕ ሊ ሃገርናን ህዝብናን ዝወርድ ዘሎ ኣደራዕ ተረዲኡ ነዞም ከዳዓት ህዝቢ ፎእ ክብሎምን ሓሶቶም ከቃልዕን ሓደረ እብል። ኩሉ ግዜ ድማ ሓፋሽ ጽንዓትካን ሓድነትካን እዩ ወሳኒ። ብጅግንነትካን ጽንዓትካን ድማ ተሓበን።

ዓወት ንሓፋሽ!!

ሃብቶም ሓድጉ
ስዑዲ ዓረብ